# ስርዓት ኢሳያስ፡ ወነንቲ ጀራዲን ካብ ገማግም ሩባታት ጋሽን ባርካን ክርሕቁ ኣዚዙ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 21.10.2009

ከም መቐጸልታ፡ ናይ’ቲ መሬት ካብ ህዝቢ ናይ ምምንዛዕ ፖሊሲታት ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ገማግም ሩባታት ጋሽን ባርካን ጀራዲን ንዝነበሮም ዜጋታት፡ ካብ’ቲ ገማግም 700 ሜተር ክርሕቁ ኣዚዙ። ነዚ ውሳኔ’ዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ፡ ንብረቶም ኣልዒሎም ካብ’ቲ መሬቶም ዝርሕቅሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ ገይርሎም ኣሎ። ብመሰረት’ቲ ናይ ግዜ ሰሌዳ፡ ካብ’ዚ ዘሎናዮ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ፡ ወነቲ ናይ ኣሕምልቲ ጀራዲን ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ፣ ወነቲ ናይ ፍሩታታት ጀራዲን ዝኾኑ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ዓመት ካብ ቦታኦም ክለቁ ተባይኑሎም ኣሎ።

ካብ ገማግም ናይ’ቲ ሩባታት ርሓቁ ማለት፡ ካብ ማይን ፍርያም ዝኾነ መሬትን ርሓቁ ማለት ስለዝኾነ፡ በዚ ውሳኔ’ዚ መነባብሮ ናይ ማእለያ ዘይብሎም ብጀራዲን ዝነባበሩ ዝነበሩ ዜጋታትን ሰራሕተኛታትን ክበላሾ ምኳኑ ርዱእ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ወይ መነባብራኦም ዘካይድሉ መሬት ወይ ድማ ካሕሳ ኣይሃቦምን።

እቲ ናብ ሱዳን ዝስደድ ዝነበረ ኮሚደረን ሽጕርትን ውን፡ እዞም ሰብ ጀራዲን እዚኣቶም ዘፍርይዎ ዝነበሩ ምኳኑ ዝፍለጥ ኢዩ።